HM Courts &
Tribunals Service

**FGM700**

# ትእዛዝ እገዳ ምቁራጽ ብልዕቲ ኣዋልድ (ምግራዝ)

## ብኸመይ ኪከላኸሉለይ ወይ ኪሕልዉኒ ይኽእሉ?

እዚ ወረቐት'ዚ፡ ናይ ምኽንሻብ ስግኣት ወይ ስክፍታ ምስ ዚህለወክን/ኩም፡ ወይ ኪገርዙዋ ዚደልዩ ካልእ እትፈልጥዋ ጓለንስተይቲ እንተሃልያ፡ እዚ ናይ ግርዘት-ጓል እገዳ ትእዛዝ ብኸመይ ኪሕግዘክን/ኩም ከምዚኽእል እዩ ዚሕብር። መን ናብቲ ትእዛዝ ከመልክት ከምዚኽእልን፡ እንታይ ክትገብሩ ከምዘድልየኩምን፡ እቲ ቤት-ፍርዲ ምልክታኹም ምስ በጽሖ እንታይ ከምዘጓንፍን ከኣ ኣስፊሑ ይገልጽ።

## ግርዘት-ጓል እንታይ ማለት'ዩ?

ምኽንሻብ (ግርዘት-ጓል) ኪበሃል እንከሎ፡ ዚኾነ ሕክምናዊ ረብሓ ዘይብሉ፡ ብኸፊል ወይ ብምሉኡ ነቲ ናይታ ጓለንስተይቲ ግዳማዊ ኣካ'ላት ብልዕታ (ቅንጢር፡ ዓቢ ከንፈር፡ ንኡስ ከንፈር....ወዘተ) ናይ ምቑራጽ/ምግራዝ ኣገባብ እዩ። ዚኾነ ጥዕናዊ ረብሓ የብሉን፡ ብዝያዳ እኳ'ድኣ ነተን ኣዋልድ ወይ ኣንስቲ ብብዙሕ መንገዲ ይሃስየን። እዚ ኣገባብ'ዚ፡ ነቲ ብተፈጥሮ ጥዑይ ዚኾነ ብልዕታዊ ኣካ'ሊት (**tissue**) ስለዚሃስዮን ዚጎድኦን፡ ምስቲ ባህርያዊ ዕዮ ኣካላት ናይተን ኣዋልድ ይኹና ኣንስቲ ድማ ሽግር ይፈጥር። እቲ ኣገባብ ብጣዕሚ ኣቐንዛዊ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ብዙሕ ሓደገኛ ዚኾነ፡ ቀጥታውን ናይ መጻእን ናይ ሕማም ሳዕቤናትን፡ ከም ሽግር ኣብ ግዜ ሕርሲ፡ ሓደጋ ነቲ ዚውለድ ናጽላ....ወዘተ ዚኣመሰሉ ከኣ የኸትል።

ግርዘት-ጓል፡ ብኻልእ ኣስማት፡ ከም "ምክንሻብ፡ ምግራዝ፡ ምቑራጽ ብልዕቲ ጓለንስተይቲ"፡ ካብኡ ሓሊፉ'ውን "ብምስፋይ/ምልጋብ ዓቢ ከንፈር ርሕሚ" ይፍለጥ'ዩ። እቲ ኣዋልድ ወይ ኣንስቲ ዚግረዛሉ ዕድመ፡ ከም ባህልን እምነትን ናይቲ ሕ/ሰብ ኣዝዩ ይፈላለ'ዩ። ከምኡ ድማ ኣብ ዓዲ-እንግሊዝ ወይ ከኣ ኣብ ወጻኢ ኬድካ ይግበር። ግርዘት-ጓል፡ እታ ጓል ውልድ ምስ በለት፡ ኣብ ግዜ ህጻንነታ፡ ኣብ ግዜ ቁልዕነታ፡ ኣብ ግዜ ንእስነታ፡ ቀቅድሚ መርዓ ወይ ኣብ ግዜ ጥንሲ ኪግበር ይከኣል። ብዙሕ መርትዖታት ከም ዚምስክሮ ግን፡ ኣብ መንጎ 5 ዓመትን 8 ዓመትን ዕድመ ዘለዋ ኣዋልድ ከምዚግበር ይሕብር። በዚ መሰረት ከኣ፡ ኣብዚ ሓጹር ናይዚ ዕድመ'ዚ ዘለዋ ኣዋልድ ኣብ ዚለዓለ ሓደጋ ናይ ምግራዝ ይርከባ።

ኣብ ዓዲ-እንግሊዝ ንጓል ምግራዝ ሕጋዊ ኣይኮነን። ኣብ ኢንግላንድ፡ ወይልስን፡ ሰ. ኣየርላንድን፡ ሕጊ ግርዘት-ጓል 2003 ከምዚገልጾ፡ ንጓለንስተይቲ ምግራዝ ሕጋዊ ኣይኮነን። ከምኡ'ውን ኣብ ስኮትላንድ፡ እቲ ሕጊ ምኽልካል ግርዘት-ጓል 2005 ብሕጊ ይኹንኖ። ኣብ ትሕቲ ናይ 2003 ኣዋጅ፡ ዚኾነ ሰብ ብኸፊል ይኹን ብምሉኡ፡ ብልዕቲ ጓል ይኹን ሰበይቲ ምስ ዚቖርጽን፡ ዋላ እታ ጓለንስተይቲ ብፍቓዳ ብልዕታ ክትቖርጽ ምስ ዚድግፍን፡ ወይ ድማ ኣብ ወጻኢ ከይዳ ክትግረዝ ምስ ዚተሓጋገዝ ወይ ዘተባብዕ፡ ገበነኛ ኮይኑ ይርከብ።

## እዚ ትእዛዝ እገዳ ግርዘት-ጓል ብኸመይ ይሕግዘኒ?

ትእዛዝ እገዳ ግርዘት-ጓል ኣብዚ ዚስዕብ ኩነት ክሕግዝ ይኽእል፡

- ኣብ ሓደጋ ናይ ምግራዝ እንተሃሊኽን
- ናይ ምግራዝ ገበን ኣብ ልዕሌኽን ተፈጺሙ እንተኾይኑን
- ካልእ ኣብ ሓደጋ ምግራዝ ዘላ ጓለንስተይቲ ምስ እትፈልጡን

ትእዛዝ እገዳ ግርዘት-ጓል ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ጉዳይ ይፈላለ'ዩ። የግዳስ፡ ንዓኽንን ወይ ካልእ ኣብ ሓደጋ ምግራዝ ዚርከባን፡ ካብ ምግራዝ ንምክልኻል፡ ሕጋዊ ጥምረት ዘለዎ ኩነታትን፡ ኣንፈታትን ኣለዎ። ቤት-ፍርዲ፡ ህጹጽ ትእዛዝ ብምሃብ፡ ድሕነትክን ብቕጽበት ኪከላኸል ይኽእል።

ቤት-ፍርዲ፡ ትእዛዝ ምኽልካል ግርዘት-ኣል ነዚ ዚስዕብ ኪገብር ይኽእል፡

- ንዓኽንን ንኻልእ ኣብ ሓደጋ ምግራዝ ዚርከባን፡ ወይ
- ንዓኽንን ንኻልእ ሓደጋ ምግራዝ ዚተፈጸመለንን።

ምልክታ ናይ ትእዛዝ ምኽልካል ግርዘት-ኣል፡ ኣብቲ ፖሊስ መርመራ ዘካይዱሉ ግዜ ይኹን ወይ ካልእ፡ ወይ ኣብ ቤት-ፍርዲ ገበናዊ ስርዓት ኣብ ዚካየደሉ እዋን ኪግበር ይከኣል። ዚኾነ ንትእዛዝ ቤት-ፍርዲ ዚጥሕስ ወይ ዘየኽብር ሰብ ክሳ ንኽልተ ዓመታት ዚኣክል ኣብ ማእሰርቲ ኪእሰር ይኽእል። ንሕግታት ግርዘት-ኣል ዚጠሓሰ ግን፡ ክም ዓቢ ገበን ተወሲዱ ንሓሙሽተ ዓመታት የእስር።

## ኣበይ ከይደ እየ ናይ ትእዛዝ ምልክታ ኪገብር ዝኽእል?

ናይ እገዳ ግርዘት-ኣል ትእዛዝ፡ ኣብ ኢንግላንድን ወይልስን ኣብ ስድራ-ቤታዊ ቤት-ፍርዲ ኬድካ ኪግበር ይከኣል። ኣብ ዚኾነ ማእከል ኣብያተ-ፍርዲ ኪግበር'ውን ይከኣል። ኣብ መወዳእታ ናይዚ ወረቐት'ዚ፡ ንኸምዚ ዚኣመሰለ ጉዳያት ዚሕዛ ዝርዝር ናይ ማእከላት ኣብያተ-ፍርዲ ቀሪቡ ኣሎ።

## መን ነዚ ትእዛዝ'ዚ ከመልክት ይኽእል?

- እዚ ትእዛዝ እገዳ ዘድልያ ሰብ
- ኣብኡ ተገዳስነት ዘለዎ ሳልሳይ ኣካል፡ ወይ
- ዚኾነ ናይ ቤት-ፍርዲ ፍቓድ ዘለዎ ሰብ።

ተገዳስነት ዘለዎ ሳልሳይ ኣካል፡ ብሎርድ ቻንስለር ክም ዚተጠቕሰ፡ ኣብ ክንዲ ሓደ ሰብ ኮይኑ ምልክታ ከቕርብ ዚኽእል ሰብ እዩ።

ዓበይቲ ወይ ድማ መንእሰያት (ትሕቲ 18 ዓመት) ንትእዛዝ እገዳ ግርዘት-ኣል ከመልክቱ ይኽእሉ። መንእሰያት ናይ "ቀረባ ዓርኪ" ወይ ካልእ ኪሕግዘን ዚኽእል ሰብ ኪህልወን ይኽእል፡ ግን ናይ ግድን ኣድላዪ ኣይኮነን፡ ሕጋዊ ወኪል እንተሃልይወን ወይ እቲ ቤት-ፍርዲ እንተኣፍቂዱ እኹል እዩ።

## ኣብ ቤት-ፍርዲ ምቕራብ እንተኣሻቒሉክን

ዚኾነ ስክፍታ ወይ ሻቕሎት ምስ ዚህሉ፡ ኣብቲ ምልክታ ብዝርዝር ጽሒፍክን/ኩም፡ ነቲ ናይ ቤት-ፍርዲ ናይ ምብጽጻሕ ሓላፊ ብዚቐልጠፈ ከምዚወሃብ ግበሩ፡ እንተዘይኮነ ዘየድሊ ናይ ቤት-ፍርዲ ናይ ምቕራብ ምድንጓያት ከጓንፍ ይኽእል።

ኣብያተ-ፍርዲ ምናልባት ነዚ ዚስዕብ ኪህቡ ይኽእሉ ይኾኑ፡

- ፍሉይ ናይ ቤት-ፍርዲ መጸበዪ ክፍሊ፡
- ፍሉይ ናይ ቤት-ፍርዲ መእተውን መውጽእን፡ ወይ
- ንዚፈርሁ ምስክራት፡ ንስሉጥን ውሑስን መእተዊ ዚኸውን፡ ኣብ ናይ ቤት-ፍርዲ ቦታ ፍሉይ መዕሸግ ማኪና ምሃብ።

ኣብ ገለ ኣብያተ-ፍርድታት፡ ናይ መስካሪ ውሕስነት መሳለጢ ይወሃብ እዩ።

## ኣብ ቤት-ፍርዲ ጭብጥታት ምሃብ ዘሰክፈኩም ምስ ዚኸውን

ስክፍታኹም ንቤት-ፍርዲ ኣብቲ ቅጥዒ ምልክታ ብግቡእ ንገሩ። እቲ ቤት-ፍርዲ እቲ ዚግባእ ኪውስንን ትእዛዝ ኪህብን ይኽእል፡

- እቲ መስካሪ፡ ምስቶም ተኸሰስቲ (እቶም ብግርዘት-ጓል ዝተኸሰሱ) ኣብ ቤት-ፍርዲ ገጽ-ንገጽ ከምዘይረኣኣዩ ምርግጋጽ። ኣብቲ ሳንዱቕ መስካሪ፡ እቲ መስካሪ ጭብጥታት ኪህብ እንከሎን እቶም ተኸሰስትን፡ ዓይኒ-ንዓይኒ ከይረኣኣዩ፡ መጋረጃ ሻሽ ከምዚህልዎ ምርግጋጽ።
- ኣብ ቪድዮ ዚተቐድሐ ጭብጢ። እዚ ነቲ መስካሪ ቅድሚ እቲ ስምዓት ቤት-ፍርዲ መሕተት ጌርካ ዚተቐድሐን፡ ኣብ እዋን ስምዓት ቤት-ፍርዲ ዚቐርብ ጭብጥን እዩ። እዚ ከኣ፡ እቲ መስካሪ ኣብ ቤት-ፍርዲ ኪመጽእ ኣየድልን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ኣንጻር እቲ ዚብልዎ ካብ ምምላስ የድሕኖ፡ ግን ንመስቀላዊ ሕቶታት ኣድላዪ ምስዚኸውን፡ እቲ መስካሪ ኩሉ ግዜ ድሉው ኪኸውን ይግባእ።

- ካብቲ መጋብኣያ ቤት-ፍርዲ ወጻኢ፡ ነቲ መስካሪ ጭብጢ ንምሃብ ዘኽእሎ፡ ቀጥታ ናይ ቲቪ/ቪድዮ ርክብ እውን ኪግበር ይከኣል። እዚ እቲ መስካሪ፡ ብመንገዲ ቲቪ ርክብ፡ ካብ ካልእ ክፍሊ ናይቲ ቤት-ፍርዲ ምስክርነቱ ከቕርብ የኽእሎ። እቲ መስካሪ ኣብቲ መጋብኣያ እኳ እንተዘይሃለወ፡ እቶም ኣብቲ መጋብኣያ ዚህልዉ ግን ኣብ መስኮት ቲቪ እቲ መስካሪ እንዳመስከረ ክርይዎ ይኽእሉ።

እዚ እቲ ቤት-ፍርዲ፡ ንነፍሲ-ወከፍ ጉዳይ መምዩ ኪውስኖ ይኽእል።

እቲ ቤት-ፍርዲ፡ ነዞም ዚስዕቡ ተወሰኽቲ መሳልጢታት ከቕርብ'ውን ይኽእል፡

- ኣካላዊ ስንክልና ምስ ዚህልወኩምን፡ ሓገዝ ይኹን ፍሉይ መሳለጢ ምስዘድልየኩም - ብኽብረትኩም፡ እቲ ቤት-ፍርዲ ኣብ ከምዚ ዚኣመሰለ ኩነት እንታይ ሓገዝ ከቕርብ ከምዚኽእል ተወከስዎ። ዝርዝር ማእከል ኣብያተ-ፍርድታትን ቁጽሪ ስልከታትን ኣብ መወዳእታ ናይዚ ወረቐት ቀሪቡ ኣሎ።
- እንግሊዝ ብዘይምኽኣልኩም ተርጓማይ ምስ እትደልዩ፡ ቋንቋኹምን ላህጃኹምን ብምንጻር፡ ሓደ ክዳለወልኩም ነቲ ቤት-ፍርዲ ኣቐዲምኩም ንገሩ።

## እዚ ክንደይ (ገንዘብ) ይውድእ?

ትእዛዝ እገዳ ግርዘት-ጓል ምልክታ ንምቕራብ፡ ዚኽፈሎ ገንዘብ የለን። ብተመሳሳሊ፡ ነዞም ዚስዕቡ ተወሰኽቲ ናይ ቤት-ፍርዲ ኣገባባት ዚኽፈል ገንዘብ'ውን ኣይህሉን፡

- ምልክታ ንምልዋጥን ወይ ድማ ንምስሓብን፡
- እቲ ትእዛዝ ዚጠሓሰ ሰብ፡ ብኸመይ ጉዳዩ ከምዚተሓዝ ናብ ስድራ-ቤታዊ ቤት-ፍርዲ ዚቐርብ ምልክታ፡ ወይ
- ጠለብ ናይ ኣኽባር-ሕጊ ነቲ ትእዛዝ ብኢዱ ነቲ ክሱስ ኪህብ

## ሕጋዊ ሓገዝ ክረክብ እኽእል'ዶ?

እወ። ኣብ እገዳ ግርዘት-ጓል ምስ እትውከላ ወይ እዚ ትእዛዝ'ዚ ምስ ዚጠሓስ፡ ሕጋዊ ሓገዝ ኣሎ። ጠበቓ (**solicitor**)፡ ወይ ኣባል ማእከል ሕጊ (**member of Law Centre**) ወይ ድማ ቤት-ጽሕፈት ምኽሪ ዜጋታት (**Citizens Advice Bureau**) ንኹሉ ኣድላዪ ዚኾነ ምኽርታት ኪህቡ ቅሩባት እዮም። ዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ሕጋዊ ሓገዝን፡ ከመይ ጌርክን ናይ ሕጊ ኣማኻሪ ከምእትረኽባን፡ ኣብ መስመር ኣብ www.gov.uk/legal-aid ብምኻድ ወይ ከኣ ኣብ **08450 345 4 345** ካብ (ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ኣብ መንጎ ሰዓታት **9:00** ቅ/ቀ **6:30** ምሸትን) ብምድዋል ኪርከብ ይከኣል።

## ትእዛዝ ናይ እገዳ ግርዘት-ኣል ባዕለይ ከመልከት'ዶ እኽእል?

እወ፡ ወይ ከኣ ነዚ ዚገብረልክን ጠበቓ ክትረኽባ ትኽእላ። ባዕልኽን እንተኣመልኪትክን፡ ነቲ ተዛማዲ ቅጥዕታት ብኹሉ ክትመልእኦን፡ ጉዳይክን ንቤት-ፍርዲ ክትገልጻን ድሉዋት ክትኮና ኣለክን።

ነቲ ቅጥዕታት ንምምላእ ሓገዝ እንተድኣ ኣድልዩ፡ ግን ዘመድ ይኹን ዓርኪ ኪሕግዝ ዚኽእል ምስዘይህሉ፡ ኣብ ጠበቓ ወይ ከኣ ኣብ ቤት-ጽሕፈት ምኽሪ ዜጋታት (**Citizens Advice Bureau**) ክትከዳ ኣለክን። ኣባላት ቤት-ፍርዲ፡ ናይ ቤት-ፍርዲ ኣገባባት ከመይ ከምዚኾነ ኪገልጹን ክብርሁን ይኽእሉ፡ ግን ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ጉዳይ ብምምርኳስ ይኹን ተኽእሎኣዊ ውጽኢት ናይ ሓደ ጉዳይ፡ ሕጋዊ ሓገዛት ኪህቡ ኣይክእሉን።

## እንታይ ዓይነት ቅጥዕታት የድልየኒ?

ናይ ግርዘት-ኣል እገዳ ትእዛዝ (**Form FGM001**) ቅጥዒ የድልየክን። ኣብ ክንዲ ካልእ ሰብ ምልክታ ከተቕርቡ ናይ ቤት-ፍርዲ ፍቓድ ምስ ዘድልየኩም፡ ቅጥዒ (**Form FGM006**) ክትመልኡ ይግባእ። እዚ ምልክታ ንትእዛዝ እገዳ ክንሽባ-ኣል ዘገልግል ቅጥዕታት እዩ።

ኩሉ እዚ ቅጥዕታት'ዚ ናጻ እዩ። ካብ ዚኾነ ምስ እገዳ ግርዘት-ኣል ዚሰርሓ ማእከላት ቤት-ፍርዲ ከኣ ኪርከብ ይከኣል። (ዝርዝር ናይዘን ኣብያተ-ፍርድታት ከኣ ኣብ መወዳእታ እዚ ወረቐት'ዚ ኣሎ)። ወይ ድማ እቲ ቅጥዕታት ካብ ርብ-ባይታና (**website**) ኣብ hmctsformfinder.justice.gov.uk ብምኻድ ክተውርድዎ ትኽእሉ።

## ናይ እገዳ ግርዛ-ኣል ትእዛዝ ምልክታ ምግባር

እቲ በዚ ትእዛዝ እገዳ ዚግበረሉ ሰብ ባዕልኺ ምስ እትኾኒ፡ ወይ ተዛማዲ ሳልሳይ ኣካል (ብሎርድ ቻንስለር ከምዚተገልጸ)፡ ነቲ ቅርዒ ናይ እገዳ ትእዛዝ ግርዘት-ኣል (**FGM**) ቅጥዒ (**FGM001**) ክትመልኢ/ኡ ይግባእ። ነቲ ቅጥዒ ከመይ ጌርኩም ከም እትመልእዎ ዝያዳ ሓበሬታ፡ ብሕቖ ናይቲ ቅጥዒ (**FGM001**) ይርከብ። እቲ ቅጥዒ ንዚተፈላለዩ ሰባት (ክሱሳት) ዚምልከት ምስ ዚኸውን፡ ነናቶም እኹል ቅጥዒ ምጥቃም የድሊ።

እቲ ቅጥዒ፡ እቲ ቤት-ፍርዲ ንዓኺ ይኹን ካልእ ኣብ ሓደጋ ምግራዝ እትርከብ ሰብ፡ ብኸመይ ኪከላኸለልክን ከም እትደልያ ብንጹር ኪገልጽ ኣለዎ። ንኣ. ንስኺ ወይ እታ ኣብ ሓደጋ ምግራዝ (ምኽንሻብ) እትርከብ፡ ንምግራዝ ተባሂሉ ንወጻኢ ካብ ምስዳድ ኪኸውን ይኽእል።

ኣድራሻኺ ወይ ኣድራሻ ናይ ዚኾነ ኣብቲ ቅጥዒ ናብ ክሱስ ዚኸይድ፡ ተገሊጹ ዘሎ ዚኾነ ሰብ ክትገልጺ/ጹ ምስ ዘይትደልዩ/ዩ፡ ቅጥዒ **C8** ናይ ስቱር ኣድራሻ ክትመልኢ/ኡ የድሊ። እዚ ቅጥዒ'ዚ ካብተን ኣብ መወዳእታ እዚ ወረቐት ተዘርዚረን ዘለዋ ማእከላት ቤት-ፍርዲ፡ ወይ ርብ-ባይታና ኣብ www.hmctsformfinder.justice.gov.uk ኪርከብ ይከኣል።

ኣብ ክንዲ ካልእ ትእዛዝ እገዳ ዚግብኣ ሰብ ተምልክቱ እንተሃሊኹም፡ ቅጥዒ **FGM006** ናይ ቤት-ፍርዲ ፍቓድ ቅጥዒ ናይ ትእዛዝ እገዳ ግርዘት-ኣል ክትመልኡ ይግባእ።

እቲ ምልክታ ብቕጽበት፡ ወይ ኣብ ህጹጽ ኩነት ብዘይ ህላወ ተኸሳሲ ወይ ተኸሰስቲ ኪስማዕ ምስ እትደልዩ፡ ክትገልጹ ይግባእ። (ነዚ ዚምልከት ኣብ ታሕቲ ርአ)።

## ትእዛዝ ብቕልጡፍ እንተደልየ እንታይ ክገብር ኣለኒ?

ምልክታኺ/ኹም እቶም ተኸሰስቲ እቲ ሰነዳት ከይበጽሖም እንከሎ፡ ብቕጽበት ኣብ ግምት ኣትዩ ኪረአ ከምዘለዎ ነቲ ቤት-ፍርዲ ክትሓቱ ትኽእሉ። እዚ ብዘይ-ምልክታ-ትእዛዝ ወይ ክሱስ-ከይፈለጠ (ex-parte) ተባሂሉ ይጽዋዕ።

ዳኛ ብዘይ-ምልክታ-ትእዛዝ እንተድኣ ጌሩ፡ ንዓኺ/ኹም ቤት ፍርዲ እትርከቡሉ ቆጻራ ይግበረልኩም። እቲ ዳኛ ናይ ክልቲኡ ወገን ሰሚዑ ውሳነ ምእንቲ ክሕልፍ፡ እቶም ክሱሳት ኣብዚ ቆጻራ'ዚ ኪርከቡ ኣለዎም።

ብዘይ-ምልክታ-ትእዛዝ ወይ ክሱስ-ክይፈለጠ ምልክታ ክትገብሩ እንተደሊኹም፡ ናይ ምስክር መግለጽን፡ ናይ ሕቅነት መግለጽን ክትገብሩ ኣለኩም። ነብስኺ እንተድኣ ወኪልኪ፡ ንምንታይ ውሕስነት የድልየኪ ከምዘሎ ብጽሑፍ መግለጺ ጌርኪ ምስቲ ቅጥዒ **FGM001** ናብ ቤት-ፍርዲ ክትወስድዮ ይግባእ። መግለጺ ሓቅነት ከምዚ ዚስዕብ ኪብል ኣለዎ፡

(ኣነ ስም) ወይ (ነቲ ቅጥዒ ዚመልእ ሰብ) እዚ ኣብዚ ሰነድ ዘሎ ጭብጥታት (ስም ዚተመሳኸረ ሰንድ) ብምሉኡ ሓቂ ምዃኑ እኣምን፡

## <u>ነቲ ቅጥዕታት ምስ መላእኩዎ፡ እንታይ ክገብር ኣለኒ?</u>

ነቲ ዚተመልአ ቅጥዕታትን ቅዳሓትን፡ ባዕልኹም ወይ ብቡስጣ ናብ ቤት-ፍርዲ ኪስደድ ኣለዎ። ምልክታኹም ብኢመይል ኪለኣኽ እውን ይከኣል እዩ።

## <u>ነቲ ቅጥዕታት ኣብ ቤት-ፍርዲ ምስ ኣቕረብኩዎ እንታይ ኪኸውን እዩ?</u>

እቲ ቤት-ፍርዲ፡ ነቲ ቅጥዕታት ድሕሪ ምርኣይ፡ ምልክታ ናይ ፍርዲ ንትእዛዝ እገዳ ግርዘት-ጓል (**FGM**) ቅጥዒ (**FGM002**) ኪህበኩም እዩ። እዚ እቲ ኣብ ቅድሚ ዳኛ እትቐርቡሉ ቆጸራ መዓልቲ ናይ ቤት-ፍርዲ ይነግር።

ኣብቲ ቅጥዒ ዚተጠቕሰ መዓልቲ ቆጸራ ክትርከቡ ከኣ ናይ ባዕልኹም ረብሓ እዩ። ዚኾነ ንጉዳይኩም ይሕግዝ እትብልዎ ጭብጥታት ከተቕርቡ ከኣ ድሉዋት ክትኮኑ ይግባእ።

ቅጥዕታት (**FGM001** ወይ **FGM006**) ከምኡ ድማ ምልክታ ቤት-ፍርዲ ቅጥዒ (**FGM002**) ንኽሱስ ወይ ክሱሳትን ካልእ ዚምልከቶም ኣካላትን ኪወሃብ ኣለዎ። ጠበቓ እንተድኣ ዚሕግዘኩም ኮይኑ፡ እቲ ቅጥዕታት ናብቶም ክሱሳት ከምዚወሃብ ይገብር።

ቤት-ፍርዲ፡ ነቲ ሰነዳት ነቶም ክሱሳት ክህበልኩም ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። እቲ ቤት-ፍርዲ ነዚ ዚምልከት ካልእ ቅጥዒ ክትመልኡ ይሓተኩም ይኸውን። ብድሕሪ'ዚ፡ እቲ ቤት-ፍርዲ፡ ቅዳሕ ናይ ምልክታኹምን ካልእ ሰነዳትን ብመሰረት ኣኽባር ሕጊ ነቶም ክሱሳት ከምዚወሃቦም ይገብር።

## <u>ኤለክትሮኒካዊ ምልክታታት</u>

ብኢመይል ከተመልክቱ ምስ እትደልዩ፡ ሓንቲ ቅዳሕ ናይቲ ቅጥዒ ጥራሕ፡ ናብቲ ኣብ መወዳእታ ናይዚ ወረቐት ዚርከብ ኣድራሻ ኢመይል ናይቲ ቤት-ፍርዲ ክትገብሩ የድሊ።

እቲ ኤለክትሮኒካዊ ሰነድ ክታም ወይ ኣብቲ መግለጺ ሓቅነት ሕቱም ስም ኪሕዝ ኣለዎ። እቲ ክታምኩም ዘለዎ ቀዳማይ ሰነድ፡ ዳሕራይ ቤት-ፍርዲ ስለዚደልዮ ምሳኹም ክትሕዝዎ ይግባእ።

<u>ድሕሪ ሰዓት 4 ድ/ቀ ዚተላእከ ናይ ኢመይል ምልክታ፡ ክሳብ እቲ ቀጻሊ ናይ ስራሕ መዓልቲ ኣይክፈትን እዩ።</u>

## <u>ነቲ ሰነዳት ባዕለይ ንኽሱስ ክህቦ እንተኾይነ፡ እንታይ ክገብር ኣለኒ?</u>

ሓደ ሰብ (ንኣ. ዓዳል መስርሕ) ነቲ ሰነዳት ዚህብ ከተዳልዉ ይግባእ። እቲ ሰነዳት ከኣ ምልክታ (**FGM001** ወይ **FGM006**) ምስቲ ኣብቲ ናይ ቤት-ፍርዲ መዓልቲ ምልክታ ቅጥዒ (**FGM002**) ናይ ክሱሳት (እቲ ባዕል ናይቲ ፍርዲ) ዘመልክቶ፡ ምልክታ ናይ ዚኾነ ስምዓትን ኣንፈት ቆጸራን፡ ዚኾነ ብቤት-ፍርዲ ቅድሚ 2 መዓልታት ኣብቲ ፍርዲ ኪርከብ ዚተኣዘዘ ሰብን ዘጠቓለለ ሰነዳት እዩ። እንተዘይኮነ እቲ ቤት-ፍርዲ ነዚ ግዜ'ዚ ከሕጽሮ ይኽእል'ዩ።

እቶም ሰነዳት ነቲ ክሱስ ምስ ተዋህቡ፡ ናይ ኣገልግሎት መግለጺ ቅጥዒ (**FL415**) መሊኦኩም ንቤት-ፍርዲ ክወሃብ ይግባእ። ቅጥዒ (**FL415**) መን ሰነድ ከምዚተዋህበን፡ ብኸመይን ኣበይን ከምዚተዋህቡን ከምኡ ከኣ ኣበየናይ መዓልትን ግዜን ከምዚነበረን ይሕብር። እዚ ቅጥዒ'ዚ ካብ ዚኾነ ማእከላት ኣብያተ-ፍርዲ ኣብ ታሕቲ ተጠቒሰን ዘለዋ ወይ ድማ ኣብ ርበ-ባይታና www.hmctsformfinder.justice.gov.uk ኪርከብ ይከኣል።

ናይቶም ሰነድ ዚወሃቡ ሰባት ኣድራሻ ከትረኽቡ ምስ ዘይትኽእሉ፡ ወይ ድማ ምቕባል ዚኣበዩ እንተመሲሎም፡ ቤት-ፍርዲ ባዕሉ ብኻልእ መንገዲ ኪህቦም (ንአ. ኣብ ቦታ ስራሖም) ሕተቱ።

## ኣብቲ ስምዓት እንታይ ከጓንፍ'ዩ?

ስምዓት ናይ ትእዛዝ እገዳ ግርዘት-ጓል ምልከታ፡ እቲ ቤት-ፍርዲ ካልእ ትእዛዝ ቀይሩ እቲ ስምዓት ከም ዚምዝገብ ወይ ዚቕዳሕ እንተዘይተጌሩ፡ ብብሕቱው ወይ ብውልቂ እዩ ዚግበር። እዚ ከኣ ብልምዲ "ኣብ ዕጹው" ተባሂሉ ይፍለጥ። እቲ ቤት-ፍርዲ ካልኦት ሰባት ኣብ ፍርዲ ንኺህልዉ ከፍቅድ ይኽእል'ዩ፡ ንአ. ዚሕግዝ ዓርኪ ወይ ናጻ ኣማኻሪ። ኣመልከትቲ ምናልባት ኣብ ቤት-ፍርዲ ጭብጥታት ብኣፊ-ቃል ኪህቡ የድሊ ይኸውን። እቲ ንውሓት ናይ ስምዓት፡ ከም ሕልኽልኹን ወይ ከኣ እቶም ተኸሰስቲ ነቲ ክሶም ኪማጐቱዎ እንተደልዮምን ይፈላለ እዩ።

እቲ ዳኛ ሓንሳብ ናይ እቶም ክልቲኦም ወገናት ርእይቶ ምስ ተገዘበ፡ ሓንቲ ካብዘን ዚስዕባ ኪውስን ይኽእል፡

- ናይ ኣመልካትን ተኸሳስን ዝያዳ ሓበሬታ ከምዘድሊ - እንታይ ዓይነት ሓበሬታ ከምዚድለ ኪንገረኩም እዩ፡
- ዝያዳ ሓበሬታ ከምዘድልን - የግዳስ ኩሉ እቲ ዘድሊ ሓበሬታ(ታት) ክሳብ ዚቐርብ፡ ናይ ሓጺር እዋን ("ግዜያዊ") ትእዛዝ ከሕልፉ ድሉዋት ምዃን፣ ሓድሽ መዓልቲ ቆጸራን ግዜያዊ ትእዛዝን ይወሃበኩም፡ እንታይ ዓይነት ሓበሬታ ከተቕርቡ ከምዘለኩም ድማ ይሕበረኩም፡
- ትእዛዝ ኪህቡ ድሉዋት ይኾኑ። እቲ ቤት-ፍርዲ ንውሱን ግዜ ትእዛዝ ኪህብን፡ ወይ ድማ ንዘይተወሰነ ቀጻሊ ዚኾነ ግዜ ክሳብ እቲ ኣመልካቲ ይኹን ተኸሳሲ ወይ ድማ ቤት-ፍርዲ ነቲ ጉዳይ ዚቕይሮ ወይ ዚስሕቦ ትእዛዝ ኪወሃብ ይከኣል። ናይቲ ትእዛዝ ቅዳሕ ይወሃበኩም እዩ።

## ድሕሪ እቲ ስምዓት እንታይ የጓንፍ?

እቲ ቤት-ፍርዲ ናይ ግርዘት-ጓል እገዳ ትእዛዝ እንተጌሩ፡ እቲ ኣመልካቲ ቅዳሕ ናይቲ ትእዛዝን ካልእ ሰነዳትን ነቲ ተኸሳስን ካልእ ኣብቲ ትእዛዝ ዚተጠቕሰ ሰብን ብዚተኻእለ መጠን ብቕልጡፍ ይህብ። እንተዘይኮነ እቲ ቤት-ፍርዲ ኪህበልኩም ክትሓቱ ትኽእሉ (ኣብ ላዕሊ ርአ)።

እቲ ሰነዳት ነቲ ዚግብኦ ሰብ ወይ ብቤት-ፍርዲ ዚተኣዘዙ ካልኦት ሰባት ከምዚተዋህበ ዘረጋግጽ፡ ምስ መግለጺኡ ንፖሊስ ክትህብ ይግባእ። ቤት-ፍርዲ ካልእ መደበር ፖሊስ እንተዘይኣነጺሩ፡ እቲ ትእዛዝን መግለጽን ናይታ ውሕስነት ዚተገብረላ ሰብ ኣብቲ ኣድራሻኣ ዚርከቡ ፖሊስ ኪመሓላለፍ ኣለዎ (ላዕሊ ርአ)።

## ኣነ ነቲ ትእዛዝ ኪልውጥ፡ ከናውሖ ወይ ደው ከብሎ እንተደለኹ'ኸ?

ነቲ ትእዛዝ እገዳ ግርዘት-ጓል ንመጻኢ ንምልዋጥ ወይ ንምስሓብ ምልከታ ከተቕርብ ይግባእ። እዚ ንምግባር ከኣ ናይ **FGM003** ቅጥዒ (ቅጥዒ ናይ ምልዋጥ፡ ምንዋሕ ወይ ድማ ምስሓብ ናይ ትእዛዝ እገዳ ግርዘት-ጓል) ክትመልእ የድሊ።

## <u>እቲ ክሱስ ነቲ ትእዛዝ ምስ ዘየኽብሮ'ኸ?</u>

ግህሰት ናይቲ ትእዛዝ እገዳ ግርዘት-ኣንስቲ፡ ብስድራ-ቤታዊ ቤት ፍርዲ ወይ ብመቕጻዕቲ ኣብ ገበናዊ ቤት-ፍርዲ ይፍታሕ።

ኣብ ትሕቲ ሕጡብ-ጽሑፍ 7(1) ናይ ክፍሊ 1 መደብ 2 ናይ ግርዘት-ኣንስቲ ኣዋጅ 2003፡ ብዛዕባ ግህሰት ናብ ስድራ-ቤታዊ ቤት-ፍርዲ ምልክታ ከተቕርቡን፡ እቲ ግህሰት ንዕቅት ናይ ቤት-ፍርዲ ብምዃኑ እቲ ሰብ ኪእሰር ከምዘለዎ ናብ ስድራ-ቤታዊ ቤት-ፍርዲ ጥርዓን ከተቕርቡ ትኽእሉ። እቲ ምልክታ ናይ ማእሰርቲ፡ ብመግለጺ ኪድገፍን፡ እቲ ግህሰት ብኸመይ ከምዚተፈጸመን ዚገልጽን ኪኸውን ኣለዎ። እቲ ምልክታ ኣብ ቅጥዒ **FGM005** (ናይ ትእዛዝ እገዳ ግርዘት-ኣንስቲ ትእዛዝ ማእሰርቲ) ኪምላእ ይግባእ።

ብስድራ-ቤታዊ ቤት-ፍርዲ፡ እቲ ሰብ ትእዛዝ ከምዚገሃሰ እንተተረጋጊጹ፡ እቲ ቤት-ፍርዲ በቲ ዘለዎ ስልጣን ተጠቒሙ፡ ነቲ ንዕቀት ቤት ፍርዲ ክሳብ 2 ዓመታት ዚኣክል ማእሰርቲ ኪውስን ይኽእል።

ብኻልእ መንገዲ ከኣ፡ ግህሰት ትእዛዝ እገዳ ግርዘት-ኣንስቲ ኣብ ዘጋንፈሉ ግዜ፡ እቶም ገሃስቲ ትእዛዝ ምእንቲ ኪእሰሩ ብቐጥታ ንፖሊስ ምንጋር እውን ይከኣል'ዩ። ድሕሪ ናይ ፖሊስ ናይ ግህሰት መርመራ፡ እቲ ናይ ዘውዲ ግዚ ኣገልግሎት (**Crown Prosecution Service**) በቲ ክልተ-ደረጃ ፈተና ናይ ኮድ ዘውዲ ገዘዝቲ (**Code for Crown Prosecutors**) ብምጥቃም፡ ሓቀኛ መቕጻዕቲ ንምሃብ፡ እኹል ጭብጢ እንተሎን፡ እንትሃልዩ'ኸ እቲ መቕጻዕቲ ንህዝባዊ ረብሓ ድዩ ወይስ ኣይኮነን ብምርግጋጽ መቕጻዕቲ ኪቕጽል ወይ ከይቅጽል ውሳነ ይገብር። እቲ ዚለዓለ መቕጻዕቲ፡ ንሓደ ትእዛዝ እገዳ ግርዘት-ኣንስቲ ዚጠሓሰ ናይ ሓሙሽተ ዓመታት ማእሰርቲ እዩ።

እቲ ናይ ዘውዲ ግዚ ኣገልግሎት ነቲ ናይ መቕጻዕቲ ስጉምቲ ብዚኾነ ምኽንያት ንኸይወስዶ እንተወሲኑ፡ ንስኹም ደጊምኩም ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዚተገልጸ፡ ብዛዕባ ናይቲ ጥሕሰት፡ ናይ ማእሰርቲ ትእዛዝ ምልክታ ከተቕርቡ ትኽእሉ።

ይኹን እምበር፡ ሓደ ሰብ በቲ ጥሕሰት/ግህሰት ኣብ ገበናዊ ቤት-ፍርዲ እንተድኣ ተቐጺዑ፡ እንደገና በቲ ንዕቀት ቤት-ፍርዲ ኪቕጻዕ ወይ ከኣ ብግልባጡ ኣይከኣልን። እቲ ሰብ ብሓደ ገበን (ብግህሰት ወይ ብንዕቀት) ጥራሕ'ዩ ዚቕጻዕ።

ምኽሪ ኪልግሱ ዚኽእሉ ማሕበራትን ናይ ከባቢ ኣገልግሎታትን ንዝያዳ ሓበሬታ ብኽብረትኩም ነዚ ዚስዕብ ርበ-ባይታ ተወከሱ፡

**www.gov.uk/female-genital-mutilation**

ወይ

ንዝያዳ ሓበሬታን ምኽርን ካብ ኣብ ከባቢኹም ዚርከባ ኣገልግሎታት፡ ን**NSPCC FGM** መስመር ሓገዝ ኣብ **0800 028 3550** ብምድዋል ወይ ኢመይል ኣብ **fgmhelp@nspcc.org.uk** ብምጽሓፍ ኪርከብ ይከኣል።

## ናይ ትእዛዝ እገዳ ግርዘት-ኣል ከተመልክቱለን እትኽእሉ፡ ዝርዝር ናይ ኣብያተ-ፍርዲ ማእከላት

ምልክታታት ናይ ትእዛዝ እገዳ ግርዘት-ኣል ብስድራ-ቤታዊ ቤት-ፍርዲ እዩ ዚተሓዝ። ነዚ ዚምልከት ምልክታ ወይ ጥርዓን፡ ኣብ ታሕቲ ተዘርዚረን ካብ ዘለዋ፡ ናብ ስድራ-ቤታዊ ቤት-ፍርዲ ኪስደድ ይግብኦ። እተን ማእከላት ኣብያተ-ፍርዲ፡ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ኣብ መንጎ ሰዓታት 10:00 ቅ/ቀ - 4:00 ድ/ቀ ክፉታት እየን። ናይ ባንኮ ኣገልግሎት ካብ ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ክሳብ ሰዓት 2:00 ድ/ቀ ይሰርሕ። ኣብቲ ቤት-ፍርዲ ኣብ እትበጽሑሉ ግዜ፡ ንህጹጽ ጉዳይ መጺእኩም ከምዘለኹም ሓብሩ።

| | |
|---|---|
| **Birmingham Civil and Family Justice Centre** | Priory Courts<br>33 Bull Street<br>Birmingham<br>West Midlands<br>England B4 6DS<br><br>ስልኪ: 0300 123 1751<br><br>ኢመይል: family@birmingham.countycourt.gsi.gov.uk<br><br>ወይ<br><br>e-filing@birmingham.countycourt.gsi.gov.uk |

| | |
|---|---|
| **Bradford combined court** | Exchange Square<br>Drake Street<br>Bradford<br>West Yorkshire<br>England BD1 1JA<br><br>ስልኪ: 01274 840274<br><br>ኢመይል: family@bradford.countycourt.gsi.gov.uk<br><br>ወይ<br><br>e-filing@bradford.countycourt.gsi.gov.uk |
| **Brighton Family Court Hearing Centre** | 1 Edward Street<br>Brighton<br>East Sussex<br>England BN2 0JD<br><br>ስልኪ: 01273 811 333<br><br>ኢመይል: sussexfamily@hmcts.gsi.gov.uk |
| **Bristol Civil and Family Justice Centre** | 2 Redcliff Street<br>Bristol<br>England BS1 6GR<br><br>ስልኪ: 0117 366 4880<br><br>ኢመይል: family@bristol.countycourt.gsi.gov.uk |
| **Cardiff Civil and Family Justice Centre** | 2 Park Street<br>Cardiff<br>South Wales CF10 1ET<br><br>ስልኪ: 029 2037 6400<br><br>ኢመይል: enquiries@cardiff.countycourt.gsi.gov.uk |

| | |
|---|---|
| **Central Family Court** | First Avenye House<br>42 - 49 High Holborn<br>London<br>England WC1V 6NP<br><br>ስልኪ: 020 7421 8594<br><br>ኢመይል: cfc.privatelaw@hmcts.gsi.gov.uk |
| **Derby Combined Court** | Morledge<br>Derby<br>Derbyshire<br>England DE1 2XE<br><br>ስልኪ: 01332 622600<br><br>ኢመይል: family@derby.countycourt.gsi.gov.uk |
| **East London Family Court** | 6th And 7th Floor<br>11 Westferry Circus<br>London<br>England E14 4HD<br><br>ስልኪ: 020 3197 2886<br><br>ኢመይል: eastlondonfamilyenquiries@hmcts.gsi.gov.uk |
| **Leeds Combined Court** | The Court House<br>1 Oxford Row<br>Leeds<br>West Yorkshire<br>England LS1 3BG<br><br>ስልኪ: 0113 306 2800<br><br>ኢመይል: leedsdfcprivatelawgeneralenquiries@hmcts.gsi.gov.uk<br><br>ወይ<br><br>leedspubliclawissue@hmcts.gsi.gov.uk |

| | |
|---|---|
| **Leicester County Court and Family Court** | 90 Wellington Street<br>Leicester<br>Leicestershire<br>England LE1 6HG<br><br>ስልኪ: 0116 222 5700<br><br>ኢመይል: family@leicester.countycourt.gsi.gov.uk |
| **Liverpool Civil and Family Court Hearing Centre** | 35 Vernon Street<br>Liverpool<br>Merseyside<br>England L2 2BX<br><br>ስልኪ: 0151 296 2607<br><br>ኢመይል: family@liverpool.countycourt.gsi.gov.uk |
| **Luton County Court and Family Court** | 2nd Foor, Cresta House<br>Alma Street<br>Luton<br>Bedfordshire<br>England LU1 2PU<br><br>ስልኪ: 0300 123 5577<br><br>ኢመይል: enquiries@luton.countycourt.gsi.gov.uk |
| **Manchester County Court and Family Court** | 1 Bridge Street West<br>Manchester<br>Greater Manchester<br>England M60 9DJ<br><br>ስልኪ: 0161 240 5420<br><br>ኢመይል: familyapplications.manchester@hmcts.gsi.gov.uk |

| | |
|---|---|
| **Newcastle upon Tyne Combined Court Centre** | The Quayside<br>Newcastle-upon-Tyne<br>Tyne & Wear<br>England NE1 3LA<br><br>ስልኪ: 0191 201 2000<br><br>ኢመይል:COPNewcastle@newcastle.countycourt.gsi.gov.uk |
| **Norwich Combined Court and Family Hearing Centre** | Bishopgate<br>Norwich<br>Norfolk<br>England NR3 1UR<br><br>ስልኪ: 0344 892 4000<br><br>ኢመይል: family@norwich.countycourt.gsi.gov.uk<br><br>ወይ<br>e-filing@norwich.countycourt.gsi.gov.uk |
| **Oxford Combined Court and Family Court Hearing Centre** | St Aldates<br>Oxford<br>Oxfordshire<br>England OX1 1TL<br><br>ስልኪ: 01865 264 200<br><br>ኢመይል: family@oxford.countycourt.gsi.gov.uk |
| **Plymouth Combined Court** | 10 Armada Way<br>Plymouth<br>Devon<br>England PL1 2ER<br><br>ስልኪ: 01752 677 400<br><br>ኢመይል: family@plymouth.countycourt.gsi.gov.uk |

| | |
|---|---|
| **Portsmouth Combined Court Centre** | Winston Churchill Avenue<br>Portsmouth<br>Hampshire<br>England PO1 2EB<br><br>ስልኪ: 02392 893 000<br><br>ኢመይል: family@portsmouth.countycourt.gsi.gov.uk |
| **Preston Family Court** | Sessions House<br>Lancaster Road<br>Preston<br>Lancashire<br>England PR1 2PD<br><br>ስልኪ: 01772 844 700<br><br>ኢመይል: prestonSFCissue@hmcts.gsi.gov.uk |
| **Reading County Court and Family Court Hearing Centre** | 160 - 163 Friar Street<br>Reading<br>Berkshire<br>England RG1 1HE<br><br>ስልኪ: 0118 987 0500<br><br>ኢመይል: family@reading.countycourt.gsi.gov.uk |
| **sheffield Combined Court Centre** | 50 West Bar<br>Sheffield<br>South Yorkshire<br>England S3 8PH<br><br>ስልኪ: 0114 2812400<br><br>ኢመይል: family@sheffield.countycourt.gsi.gov.uk |

| | |
|---|---|
| **Teesside Combined Court** | Russell Street<br>Middlesbrough<br>Cleveland<br>England TS1 2AE<br><br>ስልኪ: 01642 340 000<br><br>ኢመይል: family@middlesbrough.countycourt.gsi.gov.uk |
| **West London Family Court** | Gloucester House<br>4 Dukes Green Avenue<br>Feltham<br>Middlesex<br>England TW14 0LR<br><br>ስልኪ: 020 8831 3500<br><br>ኢመይል: westlondonfamilyenquiries@hmcts.gsi.gov.uk |